# ብዛዕባ ፍሉይ ስልጠና ቛንቋ ዚገልጽ ሓበሬታ

**ፍሉይ ናይ ቋንቋ ስልጠና ስለስተ ኽፋላት ኣለዎ :**

1. ፍሉይ ስልጠና ቛንቋ ኖርወይ = ምስ ዓቅምኻ ዝኸይድ ትምህርቲ ብቋንቃ ኖርወይ ክትረክብ ይከኣል።
2. ስልጠና ቛንቋ ኣደ = ናይ ተማሃሮ ቛንቋ ኣደ ስልጠና
3. ብኽልቲኡ ቛንቋታት ናይ ሞያ ስልጠና = ናይ ሞያ ስልጠና: ብቛንቋ ኖርወይን ብቛንቋ-ኣደ ናይ ተማሃራይን (ንኣብነት ኣብ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት: ስነ-ፍልጠት:ኣርእስትታት ፕሮግራም ወዘተ) ዚወሃብ ስልጠና።

እቲ ሕጊ ትምህርቲ (§ 3-12) እቶም ካብ ኖርወይን ሳሚን ሓሊፎም ካልእ ቋንቋ ዘለዎም ተማሃሮ ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ነቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዚወሃብ ልሙድ ስልጠና ንኺስዕቡ እኹል ክእለት ክሳዕ ዚረኽቡ ፍሉይ ትምህርቲ ኖርወይ ናይ ምርካብ መሰል ከም ዘለዎም ይገልጽ። ኣድላዪ እንተ ኾይኑ እዞም ተማሃሮ እዚኣቶም ናይ ቛንቋ ኣደ ስልጠና ትምህርቲ: ናይ ክልተ ቛንቋ ሞያ ስልጠና ወይ ብክልቲኡ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

ተማሃሮ ነቲ ኣብ ሓባራዊ መጽናዕቲ ኣርእስትታት:ከምኡ`ውን ኣርእስትታት ፕሮግራም ዝወሃብ ትምህርቲ ኽሳዕ ዝስዕቡ ፍሉይ ቋንቋ ኖርወይ ስልጠና ይወሃቦም ። እቲ ተመሃራይ ዜድልዮ እንተ ኾይኑ ቋንቋ ኣደን:ብኽልቲኡ ቛንቋታት ናይ ሞያ ስልጠናን ኪወሃቦ ይኽእል እዩ።

ዕላማ ፍሉይ ናይ ቋንቋ ስልጠና እቲ ተመሃራይ ብዝተኻእሎ መጠን ቀልጢፉ ብምኽኣል: ነቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዚወሃብ ልሙድ ስልጠና ንኺስዕብ እዩ ። እቶም ተማሃሮ ኣብ እዋን ስልጠና መጽናዕቲ ይግበረሎም ኢዩ ። እቲ ተመሃራይ እኹል ቋንቋ ኖርወይ ምስ ፈለጠ: ፍሉይ ናይ ቋንቋ ስልጠና ኣይክረክብን ኢዩ።

**እቲ ቤት ትምህርቲ ፍሉይ ናይ ቋንቋ ስልጠና ኽወሃብ ምስ ዝምሕጸነካ እንታይ ኢዩ ዝኸውን፧**

- እቲ ቤት ትምህርቲ ንኹሎም ተመሃሮ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ኺጅምሩ ኸለዉ: መጽናዕታዊ መደብ ትምህርቲ የካይድ ኢዩ። ቋንቋ ኖርወይ ሕጽረት ወይ ጸገም ዘለዎም ተማሃሮ ፍሉይ ናይ ቋንቋ ስልጠና ክቕበሉ ይምሕጸኑ ።

- እቲ ቤት ትምህርቲ  መጽናዕቲ ድሕሪ ምግባር: ነቲ ናይ ሓበሬታ ኣኼባ ንምግባር ናይ ኖርወይ ቋንቋ ስልጠና ኸም ዘድልዮም  ነቶም ተማሃሮ ይጽውዖም ።
- እቲ ቤት ትምህርቲ ውሳነ ድሕሪ ምግባሩ ነቲ ውሳነ ናብቲ ተማሃራይ/ወለዲ  ይልእኮ።
- እቲ ተማሃራይ/ወለዲ  ነቲ ውሳነ ይግባይ  ክብሉ ይኽእሉ ኢዮም።
- እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ እዋን ስልጠና ነቲ ተመሃራይ መጽናዕቲ ክገብረሉ እዩ። እቲ ተማሃራይ ኣብ ቋንቋ ኖርወይ ዘዕግብ ደረጃ እንተድኣ በጺሑ: እቲ ተማሃራይ ናብቲ  ቋንቋ ኖርወይ ዝርከብ ተራ ስርዓተ - ትምህርቲ ክቕየር ኢዩ ።

**ፍሉይ ናይ ቋንቋ ስልጠናን ናይ ኖርወይ : ከምኡ`ውን ቋንቋ ንምምሕያሽ ስልጠናን ምቕባል እንታይ ረብሓታት ኣለዎ ?**

- ብቋንቋ ኖርወይ ተወሳኺ ምትዕርራይ እተገብረሉ ስልጠና ኽትረክብ ኢኻ።
- ናይ መጽናዕቲ ክእለት ወይ ስልጠና ምእንቲ ኽትረክብ ነቲ ትምህርቲ ኣብ ላዕለዋይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ክትሓልፍ ዝሓሸ ኣጋጣሚ ኣሎካ።
- ብቋንቋ ኒኖሽክ  መርመራ ኽትገብር ኣየድልየካን እዩ
- ዜድልየካ እንተ ኾይኑ ኣብ ዝለዓለ ኻልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ 5 ዓመት ክትመሃር  ትኽእል ኢኻ ።
- ብመሰረት እቲ ኣብ ኖርወይ ንሓጺር እዋን እትነብረሉ: ስርዓተ-ትምህርቲ መርመራ ኽትገብር ትኽእል ኢኻ ወይ ከኣ ነቲ ኣብ ኖርወይ ዚርከብ ተራ ስርዓተ-ትምህርቲ ምስ ዓቅምኻ ዝኸይድ ትምህርቲ ብቋንቃ ኖርወይ ክትረክብ ይከኣል።

**መተሓሳሰቢ!** እቲ ቤት ትምህርቲ ነቲ ብቋንቃ ኖርወይ ንምምሕያሽ  እተዋህበካ ስልጠና ኽትስዕብ እንተ ደኣ መኽሩካ ነዚ ኣጋጣሚ እዚ ኽትቅበሎ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ.